# ሸኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ኣንታ መዓር ኣፉ
# “ኢሎምና እንዲዮም ንጀና ሓሊፉ”




2ይ ክፋል
ብ/ኣማን ሰላም

ቅድሚ 67 ዓመት
ከምዛ ሎሚ ማዓልቲ
ዕለት 29/03/1949

ቅንእን ምሽባርን ኣሕዲሮም ጸላእቱ
እንጀራ እንተበልዑ ብምሕጻር መዓልቱ
ውርዊሮም ሃደሙ ብድሕሪቱ
መሕደር ሺሕ ኣይሙት ሺሕ ይሙቱ
ምእንቲ ነጽነትና ከፊሉ ሂወቱ

## ሸኽ ሙሳ መሓመድ-ኑር

"ኣነ ንሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ብኹሉ ባህሪያቱ"የ ዘደንቖ፡ ዕጉስ"ዩ ልዕሊ ኩሉ ካኣ ዓቃቢ ምስጢር"ዩ ነይሩ፡ ንፉዕ መራሒ ክኸደካ ክሎ ቀሊል ነገር ኣይኮነን፡ እቲ ጓሂ መሪር"ዩ፡ ንሱ"ኳ ሰብ ጠርናፊ፡ ምስ ዓብን ንኡስን ተወሃሂዱ፡ ለባምን ምሁር ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ መጻኢ ወለዶ ዝሓሰብ፡ ኩሉ ወዲ ሃገር ተማሂሩን ሰልጢኑን ሓደ ልቢ ኮይኑ ሰሚሩ፡ ብፍትሓዊ መንገዲ ክጉዓዝ ምእንቲ ዝጎስጎሰን ባዕሉ"ውን ኣብነት ኮይኑ ዝኸደን ሰብ"ዩ ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ሰብ ክትከስር ከለኻ ካኣ ከቢድ ሓዘን እዩ። ከምዚ ዓይነት ሰብ እሞ ካኣ ኣብቲ ግዜ"ቲ መንቋቃሕቲ ዝነበረ ዓቃልን ምስጢር ዓቃብን ሓላይ ህዝብን ክፍለየካ ክሎ ጉድኣቱ ከቢድ"ዩ። ብፍላይ ካኣ ኣብቲ ኣገዳሲ እዋን ህዝብን ሃገረን ንዕኡ ዝደልዩሉ ዝነበሩ እዋን"ዩ ተቀቲሉ ። ናብ ኣኼባ ውደብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝተበገሰሉ ግዜ"ዩ ተሰዊኡ፡ ከቢድ ሓዘን ካኣ ኢዩ።

ምስ ኩሉም ኣሕዋት ዝሓይሽ መኺሩ

ጉዳይ !!!!!!!!!!!!! ናጽነትና !!!!!!!!!! እንጓናጸፈሉ
ናብ ሕቡራት መንግስታት ንምኻድ ኣብ ዝተበገሰሉ
መልእኽቱ ከየብጸሐ ክፍኣት ሓሰብሉ

ኣብ ወርሒ መጋቢት ጥይት ተኮስሉ
ድሕሪ ክልተ ማዓልቲ መስዋእቱ ተነጊሩ
ጅግና ተሰዊኡ ምእንቲ ሃገሩ
ጉዳይ ናጽነትና ሸዑ ተሰናኺሉ
ንልዕሊ 30 ዓመት ቃልሲ ተኻይድሉ
ልዕሊ ሰብዓ ሺሕ ሂወት ጅጋኑ ከፊልናሉ
ሎሚ ካኣ እነሆ ህ.ግ.ደ.ፍ ይጻወትሉ

## <u>ኣቦና ኣቶ ወልደ-ኣብ ወልደማርያም፥</u>

"እዛ ሎሚ ኣብዚ ተኣኪቡ ዘሎ ክቡር ህዝቢ ንኽቡር ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ኤርትራዊ ክዝክር"ዩ እምበር፡ ንሸኽ ዓብደልቃደር ከቢረ ፖለቲካዊ ጥራይ ኣይኮነን፡ ከምኡ"ውን ኣቦ ዓብይ ስድራ ክዝከር እምበር፡ ንመራሒ ኣልራቢጣ ኢስላሚያ ጥራይ ክዝከር ኢሉ ኣይኮነን ። እዚ ዝኽሪ ( ኣኼባ ) እዚ ንኽብሮ፡ ንፉዕን ኤርትራዊ ሓውን ንምዝካር ንምግባር በዓል ካብ ዝኾውን፡ ብዛ ሎሚ ኣብ መንጎ ክርስትያንን ኣስላምን ምፍልላይ ክርአ ኣይምተገበአን፡ ብቐትለት ከቢረ ዝረብሐ ወይ ዝዕወት ኮይኑ ዝስመዖ ሰብ ግጉይ እዩ። ናይ ሰብ ዕላማን ሓሳበን ቅኑዕን ጽቡቅን እንተኾነ"ውን ኮታ ክቅተል ዘይክእል"ዩ። ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ እቲ ሓሳቦምን ዕላማኦምን ንዓና ሓዲጎምልና ሓሊፎም ኣለዉ። ንሕና ድማ ኣብቲ ዓወት መፈጽምትኡ ከንብጽሑ ዝግባኣና እዩ። ብሕምቕና እንተሰነፍና ግና ናይ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ሓሳባን ዕላማን ቀተልቲ ኮይና ንርከብ ። ከቢረ ከምዘይ"ሞተ ንምግላጽ እምባኣር፡ ነቲ ንሶም ዝገደፉልና ዕላማን ሓሳባን ኣብቲ ናያ ዓወት መፈጸምትኡ ከነብጽሖ ንጋደል፡ ንሱ ድማ ንኤርትራ ምሉእን ቅልጡፍን ሓርነትን ዕብየትን ምሃብ እዩ"

## <u>ብሞት ዓብደልቃድር ከቢረ ህዝቢ ኤርትራ ጉህዩ ፡</u>
## <u>ሓደ ሓዘንተኛ ካኣ ከምዚ ኢሉ</u>
## <u>ኣልቀሰሎም፥</u>

መይቱ ዝበልዎ ማዓሰ መይቱ
ኣብ ልቢ ሃገሩ ዝርከብ ሂወቱ
ዓለም ፈሊጣቶ መንፋዓቱ
ቅንእን ምሽባርን ኣሕዲሮም ጸላእቱ
እንጀራ እንተበልዑ ብምሕጻር መዓልቱ
ውርዊሮም ሃደሙ ብድሕሪቱ
መሕደር ሺሕ ኣይሙት ሺሕ ይሙቱ

## <u>መምህር ግርማይ ኪዳነ ( ወዲ-ፍሊፖ )</u>

መጀመርያ ስዉእ ፡ ታሪኻዊ ኣቦና ፡ ክቡር ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ፡ ንእታ ሰነድ ምስክርን ዓለምለኻዊ ምዝገባ ሃገርነት ኤርትራ ናብ ዝተመስረተ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ከርክቡዋን ኤርትራ ነጻ ንጽርቲ ዶባታ ሃገር ከም ዝኾነት ከምስክሩ ሰብ ሳንደቕ ዓላማኣ (ባንዴራኣ) ክንበልብል እንተዘይውከሉ እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ መቕተልቲ ምስ ተፈጽመ ዶ ። ነፍስሄር ዶክቶር ሳልሕ ዓብድልቃድር ከቢረ ፡ ኣብ ስኒማ ኢምፐሮ ኣቦታት ኣግኣዝያንን ፡ ጀበርትን ታሪኻዊ ሓርበኛ ሸኽ ኢብራሂም ስልጣን ዝነበሩሉ ናይ ሽዑ ኣቦታት ኣኪቦም መቕተልቲ ወላድየይ ሃገርና ኤርትራ ንምጭዋይ ስለዝኾነ ኤርትራውያን ብሓደ ብዘይ ኣፈላላይ ድም ወላዲየይ ማሕላን መብጻዓን ኤርትራውነትና ከኸውን እላበው ዓውኢሎም ዝመደርዎ ታሪኻዊ መደረ ብእቲ ብዕሱባት ማሕበር ኣንድነት ዝተዘርወ መርዚ ሃይማኖት ወላድየይ ክርስትያን ቀቲሎም ኣስላም ከይንቕተል ምቕተልቲ ኣቦይ ንጽንተት ምስልምና እዩ ዘክተል ዘይበሉ እኮ መስዋእቲ ኣቦ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ኤርትራውነትና ንምስዋእ እሞ ክስታናዩ፡ ኣስላማዩ ኤርትራዊ ዜጋ ዝተዓመጸሉ ዝተጨውየሉ ምኺኑ ብድሕሪኡ ዝሳዓቦ ኩነታት ናይ ትማል ታርኽ እዩ።

ዓብድልቃድር ከቢረ ሓድነታዊ ሚዛን ወርቂ እዚ ቃላቱ
ናይ ርሑቕ ከረባ ዝርእያ ኣዕንቱ
ቅድሚ 67 ዓመት ኢዩ ሓቢሩ
ነዚ ሎሚ ተጓኒፉና ዘሎ ኣስፊሑ ነጊሩ
ከምቲ ዝበልካ ዮ ምኽፋል ክቡር ዋጋ
እወ ከፊልካ ሂወትካ ምእንቲ ህዝብኻ
ሓሊፎም በኟ እውን 70 ሺሕ ብድሕሪኻ
ድሕሪ እዚ ኹሉ ናጽነት በሪቃ ኢልና
ብዘይተማህሩ ዲክታቶር ተገዚእና
ዳግማይ ቃልሲ ተበጊሱ ንድሕነት ሃገርና
ከምቲ ዝበልካዮ ናይ ግደን ዓወትና
ኣይምብርከኸን'ዩ ተባዕ ኢዩ ህዝብና

## <u>ካብ መደረ- ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ( ሰነ -1948 )</u>

ዝኽበርኩም.......
ልዑል ምስጋና ነቲ ንኣዒንቲ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ብርሃን ብምልጋስ ንናጽነት ክምዝርእዩ ዝገበረ ኣላህ ይኹን ! ነቶም ካብ ጥልሚ ርሒቕም ናብቲ ቅኑዕ መንግዲ"ዛ ዘተቐደሰት ሃገር ዝምርሑ ደቃ ካኣ እቲ ( ፍትሓዊ ) ኣላህ ምስኦም ( ኣብ ጎድኖም ) እዩ። ኣይኪጋደፎምን"ዩ ድማ። እወ ነዛ መሰላ ትሓተት ዘላ ሃገር ነዚ ሓቂ ዝጠልብ ዘሎ ህዝቢ እቲ ኩሉ ዘካኣሎ ለጋሰ ኣላህ ውዒሉ ሓዲሩ እታ ደልየቱ ከህቦ"ዩ። ሃገርና ተስፋኣ ኣይክጽልምትን"ዩ፡ ንመሰላ ( ጉዳያ ) ብዘይካ ንዕኡ ዛጊት ናብ ካልእ ኣይተጸገዓትን። ኣላህ ባዕሉ"ውን ቃል ኣትዩ እዩ። እንተዐዊትኩምኒ ከዐውተኩም"የ.....
ዝብል ቃል መብጽዕኡ ካኣ ዓወት ኢዩ። እቲ ቀንዲ ጉዳይና ካኣ ክብረት ህዝብናን ሃገርናን ኢዩ። ክብረት ናይቲ ምእንቲ መሰሉ ( ሓቁ ) ዝወደቅ ህዝቢ ! ሓቂ ( መሰል ) ህዝቢ ኤርትራ ካኣ ናጽነትን ሓርነት ኢዩ።

እወ ልዑል ምስጋና ንፈጣሪና
ኣብ ትሕቲ ሓይሉ ርኢና ናጽነትና
ሎሚ እውን ኣብ ትሕቲ ሓይሉ ፍቃዱ
ክድምሰሱ እዞም ንህዝብና ዝለዉ ዝቀትሉ ዝሕርዱ
እወ ብፍቃዱ ክሓልፈላ ሃገርና
እወ ብፍቃዱ ክድልድል ሓድነትና
እወ ብፍቃዱ ሰላም ክሰፍን ኤርትራና
እወ ክንድሕን ካብ ምሻጥ ኣካል ሰውነትና

ካብ ናይ ሲናይ ስቃይን መቕተልትን ክድሕን ህዝብና
ዲክታቶራዊ ስርዓት ፈጺሙ ክጠፍእ ካብ ሃገርና
ክፍትሑ ናይ ፖለቲካ እሱራትና
ክትግበር ቁዋም ኣብ ሃገርና
ካብ ስደት ንሃገሩ ክምለስ ህዝብና
ፍርዶም ክቕበሉ እዞም ጸላእትና

ኣማን ሰላም
ካብ
ማእከላይ ምብራቕ